Immigratie- en Naturalisatiedienst
*Ministerie van Justitie en Veiligheid*

ናብ: ሓታቲ ዑቕባ

ኣርእስተ ጉዳይ: ናይ ዑቕባ ማስርሕኩም በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ

ዕለት: 18 ሕዳር 2020 ዓመተ ምህረት

ዝኸበርኩም/ዝኸበርክን፣

ቅድሚ ገለ እዋናት ዑቕባ ሓቲትኩም ኔርኩም፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዝኩም ክሳብ ሕጂ ድማ ናይ መጸኢ ዕድልኩም እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብ ትጽቢት ኢኹም ዘለኹም። ከምቲ ትፈልጥዎ ነቲ ነዊሕ ምጽባይ ንምክልኻል እዩ ሓይሊ ዕማም ንኽምስረት ምኽንያት ዝኾነ ። ነቶም ናብ IND ቀሪቦም ዘለዉ ናይ ዑቕባ ሕቶታት (እንኮላይ ናትኩም ሓዊስካ) እዚ ዓመት ቅድሚ ምውድኡ ተመርሚሮም መልሲ ክወሃቦም ኣለዎ ስለዝተባህለ እዩ እዚ ሓይሊ ዕማም ተማስሪቱ። እቲ ዝወጸ መደብ ምሉእ ብምሉእ ኣብ'ዚ ዓመት ክትግበር ኣይክኽእልን እዩ ስለ'ዚ ድማ ይቕሬታ ንሓተኩም ኣለና።

**ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ካባና ወሳኔ ንኽይወሃበኩም ዘሎ ዕድል ዓቢ እዩ**
እቲ ነዚ ናይ ዕማም ሓይሊ ን 15.350 ናይ ዑቕባ ሕቶታት ወሳኔ ንምሃብ ተዋሂቡ ዘሎ ግዜ ቅድሚ ዝመጽእ ዘሎ 1 ምያዝያ ክወዳእ ኣለዎ ዝብል እዩ፣ እዚ ድማ ካብቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንላዕሊ ዝነ ውሒ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ኣብ ኔዘርላንድ ክትቅመጡ ተፈቒድኩም ድዩ ወይስ ኣይተፈቐደኩምን ካባና ወሳኔ ንኽይወሃበኩም ዘሎ ዕድል ዓቢ እዩ። እዚ ንዓኹም ኣጸጋሚ ከምዝኾነ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ምኽንያቱ ድማ ንስኹም ምእንታን ናይ መጻኢ መደባትኩም ክትሰርዑ መልሲ ክወሃበኩም ኢኹም ትደልዩ። ወላኳ እቶም ሰራሕተኛታትና ኣበርቲዖም ዝሰርሑ ይኹኑ እምበር ንዓኹም መልሲ ንምሃብ ግን ኣይኮነ ሉምን። ስለዚ ድማ ይቕረታ ንሓተኩም።

**እቲ ናትና ኣገዳሲ ዕላማ ኮይኑ ዘሎ ድማ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ወሳኔ ንምሃብ እዩ**
ኣንተደኣ ጉዳይኩም ወሳኔ ክወሃቦ ዝኽእል ኮይኑ ግን እዚ ዓመት እዚ ካባና ዕድመክመጸኩም ተኽእሎ ኣሎ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ'ዚ ተሪፉ ዘሎ ናይ'ዚ ዓመት እዋን ስራሕና ገና ክቕጽል ስለዝኾነ ። ከምኡ ድማ እዚ ሓይሊ ዕማም ኣብ 2021 ዓመተ ምህረት እውን ናይቶም ዝተረፉ ሕቶታት ወሳኔ ንምሃብ ክሰርሕ እዩ. ነዞም ጉዳያት ኣብ መፋርቕ ናይ 2021 ዓመተ ምህረት ክንወድኦም ኣለና ኢልና መዲብና ኣለና።

ግን ድማ ንሕማም ኮሮና ቫይረስ ብዝምልከት ወጺኦም ንዘለዉ ሕግታት ክንጥንቀቐሉም ናይ ግድን እዩ። ኣብ ህንጻታትና ክኣትዉ ዝኽእሉ ሰባት ካብ'ቲ ንቡር ንታሕቲ እዮም። እንተደኣ ናይ ጥዕና ጥርዓናት ኣለወና ድማ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ክንመጽእ ኣይንኽእልን ኢና። ንስኹም ክትመጹ ኣይፍቀድን እዩ፣ ሰራሕተኛታትና ከመጹ እውን ኣይፍቀድን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ ሉ እዋን ንቖጸራታት ናብ ካልእ እዋን ነመሓላልፎም ኢና። ምኽንያቱ ድማ ወሕስነትን ጥዕናን ልዕሊ ኹሉ ኣድላይቲ ስለዝኾኑ እዩ።

ገና ሕቶታት ኣለዉኹም?
ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.ind.nl ዝብል ናይ ኢንተርነት መርበብ ተወከሱ።

ምስ ክቡር ሰላምታ፣

ኣነ ሎሪ ሩሎፍስ
ናይ ሓይሊ ዕማም ሓላፊ